**Gynomunal Vaginalgel**




# ንዓኺ፡ ብናይ ብልዕቲ ልፋጫዊ ሽፋን ምድራቕን ተነቃፍነትን ትሽገሪ ዘሎኺ ሰብ

## ዝደረቐ ልፋጫዊ ሽፋን

መብዛሕትኣን ደቂ ኣንስትዮ፥ ኣብ ገለ እዋን ብናይ ምድራቕ ልፋጨዊ ሽፋን ናይ ጾታዊ መሳርዕ ሽግር ዘጋጥመን እየን። እቲ ሽግር ብጊዝያዊ ወይ ውን ንንውሕ ዝበለ እዋን ኪኸውን ዚኽእል እዩ። እቲ ሽግር ውን፡ ነንበይኑ ዝዓይነቱን - ብዝተፈላላየ ደረጃን ኪኸውን ይኽእል እዩ።

## ምልክት ሕማም

እቲ ዝደረቐን ተነቃፊን ዝኾነ ልፋጨዊ ሽፋን፥ ቃንዛን ናይ ምንዳድ ስምዒትን ከስዕብ ዚኽእል እዩ። ገለ ኣንስቲ ከም ዝገልጽኦ፥ ስምዒት ምንዳድን ደረቕነትን ወይ ውን ናይ ምምላጥ ስምዒት ዚፈጥር እዩ።

## ሳዕቤናት ዝደረቐ ልፋጫዊ ሽፋን ብልዕቲ

ደረቕ ልፋጨዊ ሽፋን፡ ብዙሕ ጊዜ ኣብ እዋን ጾታዊ ርክብ ቃንዛ ዘስዕብ እዩ። ጠርቋቕ ስረ ኣብ ምግባር ውን ሽግር ይፈጥር እዩ። ኣብ ኮረሻ ብሽክለታ ወይ ፈረስ ኮፍ ክትብል ውን ቃንዛ የስዕብ እዩ።

## ናይ ብልዕቲ ልፋጫዊ ሽፋን ምድራቕ መበገሲኡ እንታይ እዩ?

• ዋሕዲ "ኦስትሮጂን" እዩ። ምስ ምቁራጽ ጽግያት ተተሓሒዙ፥ ኣብ ደምካ ምጐዳል ናይ "ኦስትሮጂን" የጋጥም እዩ። "ኦስትሮጂን" ምስ ዚንኪ፥ ቀጺሉ ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ምስ ዚበጽሕ፥ እቲ ልፋጨዊ ሽፋን ይረቅቕ፥ ተነቃፊ ይኸውን፡ ተመጣጥነቱ ድማ ይጎድል።

ኣብ ናይ ምጥባው እዋን ውን፥ ጊዚያዊ ናይ ኦስትሮጂን ምጐዳል የጋጥም እዩ።

• እቲ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ርሕሚ ተፍርዮ መጥለሊ ፈሳሲ፥ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ።

• ዓቒንካ ምሕጻብ የድሊ! እዚ ድማ፡ ነቲ ናይ ርሕሚ መጥለሊ ፈሳሲ መታን ሓጺብካ ከይተልግሶ ብማለት'ዩ።

• ሽጋራ ምስታይ ብሓፈሽኡ ናይ "ኦክሲጅን" ዋሓዲ ኣብ ኵሎም ጨዋዳታት ስለ ዘስዕብ፥ ንሱ ውን ተወሳኺ ምኽንያት ናይ ልፋጨዊ ሽፋን ምድራቕ ይኸውን እዩ።

**"ጂኖሙናል (Gynomunal) ናይ ርሕሚ ቅብኢ፥ ባህ ዘብልን ጥዑም ናይ ምልስላስ ስምዒትን ዚህብ - ጨፈቕፈቕ ዘይብሉ መጠናዊ ጥሉልነት ዚፈጥር እዩ።**

"ጂኖሙናል (Gynomunal) ናይ ርሕሚ ቅብኢ፥ ካብ ሆርሞን ነጻ ዝኾነ እዩ። እዚ ቅብኢ'ዚ፡ ናይ ፍሪያት ተፈላጥነት ዝረኸበ፥ ካብ ውህደት ናይ "ሃይሉሮኒክ ኣሲድ፡ ሊፖዞም፡ ቫይታሚን-ኢን ቅብኣት ሆፕን" ዝተረኸበ ምህዞ እዩ።

## ሃይሉሮኒክ ኣሲድ (Hyaluronsyra)

ሃይሉሮኒክ ኣሲድ ርስሓት ዝህብን ርስሓት ዝዕቅብን እዩ። ሃይሉሮኒክ ኣሲድ፡ 1000 ሳዕ ዕጽፊ ክብደቱ ፈሳሲ ከዕቁርን ጸኑሑ ድማ ኪለቅቕን ዚኽእልን - ጸኒሑ ድማ ዚለቐቕን እዩ። ኣብ ልዕሊ'ቲ ልፋጨዊ ሽፋን ርሕሚ ድማ ፈሳሲ መንጸፍ ይፍጠር። እዚ ድማ ነቲ ስሓን ምንዳድን የጉድሎ።

## ቫይታሚን-ኢ (E-Vitamin)

ኢ-ቪታሚን ጸረ-ኦክስጅናውነት ባእታ ዘለዎ ቪታሚን እዩ።

## ሊፖዞማት (Liposomer)

ሊፖዞም ኣብቲ ጨዋዳታት ጥለት ንምውሳኽ ዝሕግዙ ደቀቕቲ ናይ ስብሒ ዕንቁታት እዮም። ፈሳሲ ኣብ ሊፖሶም ይኽዘን እሞ፥ ጸኒሑ ድማ ኣዝዩ ቀስ እናበለ ይፍኖ፥ ሽዑ ድማ እቲ ልፋጨዊ ሽፋን ንነዊሕ እዋን ጠሊሉ ከም ዝጸንሕ ይገብሮ።

## ቅብኣት ሆፕ (Humleextrakt)

ቅብኣት ሆፕስ ጸረ-ኦክስጅንነት እዩ።

# ጂኖሙናል (Gynomunal) ናይ ርሕሚ ቅብኢ፡ ንመን?



ንኹለን ምድራቕን ተነቃፍነትን ልፉጫዊ ሽፋን ብልዕቲ ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ።

ነተን "ኢስትሮጅን" ክጥቀማ ዘይግባአን ወይ ዘይደልያ ኣንስቲ ጽቡቕ ኣማራጺ እዩ።

ነፍሰጾራትን ዘጥብዋን ደቂ ኣንስትዮ ክጥቀማሉ ይኽእላ። ኣብ እዋን ጥንሲ፡ ኣንስቲ "ኣፕሊካቶር" ካብ ምጥቃም ክቑጠባ ይግባእ።

"ጂኖሙናል" ምስ ላቴክስ ኮንዶም ብሓባር ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ።

## ኣጠቓቕማ መድሃኒት

ሓደ "ጂኖሙናል ቱቦ" ናይ ርሕሚ ቅብኣት፥ 50 ቅብኣታት ዝሓዘ እዩ። ነፍሲ ወከፉ 2.5 ግራም መጠን ዘሎዎ እዩ። ሓደ ቱቦ ብድምር 20 ሓባ ይሕዝ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ባኮ ሓደ "ኣፕሊካቶር" (መተግበሪ) ኣሎ።

- ነቲ "ኣፕሊካቶር" ምስቲ ኣፍ ናይቲ ቱቦ ዘዋርኪ ኣስጥምዮ።
- ናይታ "ኣፕሊካቶር-ተሰኳዒት" ክሳብ መወዳእታኣ ንደገ ገጻ ተድፊኣ ትመልእ፥ ነታ ቱቦ ብሓይሊ ጽቐጥያ።.
- ነቲ "ኣፕሊካቶር" ዘዋርኪ ካብቲ ቱቦ ፍትሕዮ፥ ሽዑ ድማ ናብ ውሽጢ'ቲ ርሕሚ ኣእትኺ፥ ነቲ ቅብኣት ኣብኡ ከም ዚፈስስ ግበርዮ።
- ብድሕሪኡ ነቲ "ኣፕሊካቶር" ፈላሊኺ፥ ብልቡጥ ማይ ኀርኪ ሕጸብዮ። ነቲ ኣብ www.gynomunal.se ዘሎ ፊልም ክትርእይዮ ጽቡቕ እዩ።

ነቲ ናይ ርሕሚ ቅብኣት ቀቅድሚ ምድቃስኪ ግበርዮ።

ኣብቲ ቀዳማይ ሰሙን ንመዓልቲ 1 ጊዜ ተጠቐሚ። ብድሕሪኡ ድማ ኣብ ሰሙን 2 ጊዜ ተጠቐሚ።

"ጂኖሙናል" ናይ ርሕሚ ቅብኣት፥ ኣድላዪ ኣብ ዘዝኾነሉ ምጥቃም ይከኣል።

## ኣተሓሕዛን ዚጸንሓሉ ጊዜን

ናይ ርሕሚ ቅብኢ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ መጠነኛ ናይ ገዛ ሙቐት (15-30°) ይቐመጥ።
እቲ ቅብኣት፡ እቲ ቱቦ ብድሕሪ ምኽፋቱ፡ ን6 ሰሙን ዚጸንሕ እዩ።

## ነዚ "ጂኖሙናል" ናይ ርሕሚ ቅብኣት ኣበይ ኢና ንረኽቦ?

"ጂኖሙናል" ናይ ርሕሚ ቅብኣት፡ ብቐሊሉ ካብ www.apotea.se + ካብ ካልኦት፡ ብሕጊ ቅቡላት ካብ ዝኾና ናይ ኢንተርነት ፋርማቻ ትካላት ክትእዝዝዮ ትኽእሊ ኢኺ።

ጂኖሙናል ናይ ርሕሚ ቅብኣት፥ ኣብ ገለ ናይ ፋርማቻ ሰንሰላታውያን-ሹቓት ውን ይርከብ እዩ።





erol ab
Erol AB, S:t Johannesgatan 2, 211 46 Malmö. 040-688 09 69 | www.gynomunal.se